# ህግደፍን ባሕቲ ግንቦትን

ብረዝነ ተስፋጽዮን

ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ከምኡ'ውን ኣብተን መጀመርያ ክልተ ሰለስተ ዓመት ናይ ነጻነት፥ ባሕቲ ግንቦት መዓልቲ ሸቃሎ ብህ.ግ.ሓ.ኤ. ትዝከር ነይራ። ቅድም ኢሉ'ውን ብዕሙቕ ዝበለ ኣገላልጻ ስነ ጽሑፍ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብቲ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ኣብ መጽሔት መሪሕን ማሕታን ንባሕቲ ግንቦት መዓልቲ ሸቃሎን፥ ነቲ ሽዑ ዝነበረ ምምቃል ክልተ ኣህገራዊ ደንበን፥ ከምኡ'ውን ኣብ ሳልሳይ ዓለም ዝነበረ ሰውራታት ንሃገራዊ ነጻነት፥ ንጎነጽ ሃጸይነትን ስነ-ሓሳብ ሸቃሎን ዝገልጽን ዝትንትን ጽሑፋት ይወጽእ ነይሩ። እቲ ጽሑፋት ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ከይተወሰነ ኣብ ወጻኢ ዝነበሩ ኣባላት ሓፋሽ ውድባት ካብ ፍርቂ ሰብዓታት ክሳብ ምድምሳስ ግንባር ናደው (ኣፍዓበት) 1988 ዓ.ም. ጽዑቕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ይካየድ ነይሩ።

ብኽልስ ሓሳብ ንብዙሓት ትምህርቲ ኰይኑ። ኣብ ኤውሮጳ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ምስ'ቲ ጸጋማይ ደምበ ምልላይ'ውን ምንቅስቓስ ተኻይዱ። ባሕቲ ግንቦት መዓልቲ ሸቃሎ ግርም ዝኾነት ኣጋጣሚት ነይራ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ እቲ ክልስ ሓሳባዊ ትምህርቲ ብግብሪ ክስረሓሉ ይከኣል ነይሩ። ኤርትራውያን ናይ'ቲ ግዜ'ቲ መብዛሕትኦም እቶም ኣብ ኣርበዓታት መጀመርያ ሓምሳታት ዝተወልዱ፥ ኣብ ዉሽጥን ወጻእን ንነጻነት ግዝእቲ ኤርትራ ብምልኣተ ሕልና ዝተቓለሱ ምዃኖም ሓቐኛ ታሪኾም ካብ ዝገልጽ ኣብነት እዩ። ብፍላይ ኣብ ኤውሮጳ ናይ ፖለቲካ ዑቕበኛታት ኰይኖም ናይ ደርቢ ብጸቶም ሸቃሎ ምዃኖም ኣለልዮም፥ ብግብሪ ንባሕቲ ግንቦት ብሰላማዊ ኣድማ የብዕልዋ ነይሮም። ቅድም ኢለ ምድምሳስ ናደው ግንባር ኣፍዓበት ጠቒሰ ጸኒሐ። እቲ ፍጻመ'ቲ ንመሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዓቢ ፖለቲካዊ መስመር ኰይኑ ወጻኢ ካብ ሓፋሽ ውድባት ንዝነበሩ ኤርትራውያን መራኸቢ ኮይኑዎም'ዩ። እቲ ክሳብ ነጻነት ብኽተት ዝፍለጥ ምእካብ ገንዘብ ዝዕላሙኡ ውዳበ ኾኣ ሽዑ'ዩ ክምስረት ዝኸኣለ። ኣብ ከምዚ መስርሕ ነቲ ፖለቲካዊ ውድብ ምድስካል እታ ሓሓሊፉ ኣብ ውልቀ ሰባት ኣብ ሜዳ ትቕልቐል ዝነበረት ብኣልማማ ንሓፋሽ ውድባት ናይ ምብታን ፖሊሲ ኣርኪባ።

ኣብ መጀመርያ ተስዓታት ምሕራር ባጽዕ ምስ ተፈጸመ ኸኣ፥ ብወግዒ ካብ ሕጂ ሓፋሽ ውድባት ደስኪልኩም ኢኹም ዝብል መምርሒ ካብ ጫፍ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ተዋሂቡ። ባሕቲ ግንቦት መዓልቲ ሸቃሎ ግን ምብዓላ ኣየቋረጸትን። ካብ 1890 ዓ.ም. ኣትሒዛ ዓባይ ዕለት መዓልትቲ ሸቃሎ እያ። ኣብ 1899 ዓ.ም. ኣብ ፓሪስ ኣብ ካልኣይ ኣህጉራዊ ካብ ብዙሓት ሃገራት ዓለም ሸቃሎ ዝተኣከቡላ ወከልቲ ሰራሕተኛታት ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ብዝቐረብዎ እማመ፥ ባሕቲ ግንቦት ኣብታ ትስዕብ ዓመት ሸሞንተ ሰዓት ኣብ መዓልቲ ምስራሕ፥ ሸሞንተ ሰዓት ድቃስ፥ ሸሞንተ ሰዓት ነጻ ግዜ ጠሊቦም ነይሮም። እዚ ጠለብ'ዚ መሰረት ምብዓል መዓልቲ ሸቃሎ ባሕቲ ግንቦት ኮይኑ፣ ኣብኡ ጠጠው ከይበለ ካልኦት ኣሽሓት ጠለባት ስዒቦም'ዮም። ሰላም፥ ነጻነት

ኣብ ዞባታትን ሃገራትን ለውጢ ንረብሓ ሽቃሎ ኣብ ዓለም ንዝነብሩ ሰባት ትርጉም ዘለዎ ህይወት ንኽረኽቡ፣ ካብ ጭቌና፣ ጥሜት፣ ድንቁርና፣ ሕማም ክገላገሉ። ነዚ ንምምጻእ ናይ ዓለም ሽቃሎ ክሓብሩ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብህግደፍ ምስ ተተክአ ንዝጸደቐ ቅዋም ብምድርባይ፣ ንመሰል ምውዳብን ሰላማዊ ኣድማን ፖለቲካዊ መሰልን ጊሂሱ፣ ንሽቃሎ፣ ንገባር፣ ንተማሃሮ፣ ደቀንስትዮ ኮታ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ግዝኣቱ ኣእትዩ ይርከብ። እዛ ን117 ዓመታት ዝበዓለት ባሕቲ ግንቦት መዓልቲ ሽቃሎ ሎሚ ኣብ ግዝኣተ ህግደፍ ኣብ ኣጀንዳ የላን። ከምታ ቅዋም።

ኣብዚ ክጥቀስ ዘሎዎ እቲ ናይ ተቓውሞ ደምበ፣ ብፍላይ ኣብዘን ደሞክራስያውያን ሃገራት ዝነብሩ ንተሓሪሙ ዘሎ መሰል ሰቂ-ሰብ ኣብ ኤርትራ፣ ባሕቲ ግንቦት ምስ ሽቃሎ ብፍላይ፣ ብሓፈሻ ኸኣ ምስ ደሞክራስያውያን ኰይኖም ንምልካዊ ስርዓት ዘጋልጹላን ምሕዝነቶም ዘደልዱሉላን በዓል ክትከውን ስለዝግባእ ግቡእ ኣቓልቦ ክግበረላ ትጽበ።

ናይዚ ትጽቢት'ዚ መልሲ ዝህብ ኣብ ከተማ ኡፕሳላ ሃገር ሽወደን ኣብዛ ዝሓለፈት ባሕቲ ግንቦት "ብኤርትራዊ ማሕበር ንደሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ኡፕሳላ" ዝተወደበ ምስ ደሞክራስያውያን ሽቃሎ ብጾቶም ተሰሊፎም፣ ምልኪ ካብ ገጽ ኤርትራ ይደምሰስ፣ ፖለቲካዊ እሱራት ይፈትሑ፣ ግብረ ሽበራ ህግደፍ ይወገድ፣ ደሞክራሲ ኣብ ኤርትራ፣ ሽወደናዊ ዜጋ ዳዊት ኢሳቕ ይፈታሕ ዝብሉ ጭሮሖታት ሒዞም ንማሕበሮም ብምልላይ ኣብ ጎደናታትን ኣደባባይን ወጺኦም ዊዒሎም።

ህግደፍን ተኸተልቶምን መንፈስን ግብርን ባሕቲ ግንቦት እንታዮም ኣይኮነትን። ነዞም ምስ ጭቁን ህዝቢ ኤርትራ ጠጠው ክብሉ ዝመረጹ ኤርትራውያን ግን ምስ ስነ-ሓሳቦም ማለት፣ ሓርነት፣ ሰላም፣ ሕውነት፣ ማዕርነት ቸኸይድ እያ። ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ኤርትራ ተቓውሞ ዝበሃል የለን ኢሉ መራሕ ህግደፍ። ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝቢ ብኣሸባሪ ምልኪ ስርዓቱ ተዓቢሱ ይነብር ምህላዉ ኣይክኣምንን እዩ። እቶም መጻኢ ተስፋ ሃገር ዝኾኑ መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከራትን ድፋዓትን ብምድጓን፣ ኣብ ከተማታትን ዓድታትን ንኸይረኣዩን ከይንቓሳቀሱን ለይትን መዓልትን ዝሃድን ዘሎ መሻኺ እዩ። ዓበይቲ ናባዪ ዘይብሎም ኣብ ትሕቲ ስሱዕን ጨካንን ምምሕዳር ህግደፍ ይኾንዘዉ ኣለዉ።

መራሕ ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ብኸምዚ ዝኣመሰለ ሕሱም ጭቆና ቀፊዱ፣ ተቓውሞ የለን ኢሉ ክምድር ኣይሓኘሽን። እዚ ገበናዊ ሽሕጣን መራሕ ህግደፍ ንምቅላዕ፣ ኩሉ ደሞክራስያዊ ሓይልታት ዉሽጣዊ ፖለቲካዊ ፍልልያቱ ኣጽቢቡ ብጽኑዕ ኣወዳድባ ክምክቶ ክኽእል ኣሎዎ። ባሕቲ ግንቦት መዓልቲ ሽቃሎ ግርም ኣጋጣሚት እያ።

ሽወደን 15 ግንቦት 2007